ቤት ፅሕፈት ህንፀት ምምሕዳር መጎዓዝያን ወረዳ ላዕላይ ማይጨዉ ከይዲ ስራሕ ቁፅፅር ዲዛይን ስራሕቲ ህንፃን ናይ ወረዳ ላዕላይ ማይጨዉ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ቁጠባ ከይዲ ስራሕ ሃፍቲ እንስሳት ካብ ፕሮግራም ምጥንካር ስርዓት ምግቢ ማለት እዉን FSRP ካብ ዝተመደበ በጀት ኣብ ጣብያ ለሳልሶ ናይ እንስሳ ክሊኒክ ፅገና ስራሕቲ ኣብ ስራሕቲ ህንፀት ንዝተወረሩ ሕጋያን ናይ ህንፃ ኮንትራክተራት ማለት እዉን BC ወይ ናይ ጠቅላላ ኮንትርክተራት ማለት እዉን GC ትካላት ንግዲ ብምልክታ ፕርፎርማ አወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 10, 2018 ( ቅድሚ 3 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 17, 2018 04:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000
ቦታ:ላዕላይ ማይጨዉ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:--
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ታሕሳስ 17, 2018 04:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ብናይ ህንፃ ተኮነተራይ ማለት እዉን BC ወይ ናይ ጠቅላላ ኮንትርክተራት ማለት እዉን GC ስራሕቲ ደረጃ ዝተፈላለየ ኮይኑ ናይ 2017ን ወይድማ ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ መረጋገፂ ብቅዓት ቲን ናምበር በቲ ዘርፊ ናይ 2017ን ወይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ መቅረባይነት ሰርትፊኬት ተመዝጋባይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮነ ናይ ጥቅምቲ 2018 ዓም ተወሳኪ እሴት ታክስ ዲክላሪሽን ከቅርብ ዝክእል

2 ተወዳደርት ኣብ ዝሐለፈ 7 ዓመት ማለት እዉን ካብ ታሕሳስ 2011 ዓም ጀሚሩ ኣብ ተመሳሳሊ ናይ ህንፃ ስራሕቲ ካብ ሐደ ፕሮጀክት ሐደ ኮንትርክት ሐደ ሚልዩን ልዕሊኡን ብአግባቡ ዝሀነፁ ምካኑ ናይ ስራሕ አፈፃፀማ ምስ ኮንትራክት ዉዕሊ ከቅርብ ዝክእል ወይ ግዝያዊ ርክብ ወይ ናይ መጨረሻ ርክክብ ምስ ናይ ሰነድ ክፍሊት ማለት እዉን ፐይመንት ሰርተፊኬት ከቅርብ ዝክእል

3 መከበሪ ፕርፎርማ ብር 20000 ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ብስፒኦ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ዉሕስና ባንኪ ከቅርብ ዝክእል

4 ተወዳዳራይ ነቲ ፕሮጀከት ጀሚሩ ከቅፅል ምካኑ ንምርግግፅ እንተነኣሰ ሽድሽተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ኣብ ባንኪ ሒሳቡ ዘለዎ ምካኑ ዘረጋግፅ ሕጋዊ ናይ ባንኪ ደብዳቤ ወይድማ ናይ ባንኪ ስተትምነት ወይ ናይ ልቃሕ መማረፂ እንተሃልዎ ነቲ ዝተገለፀ መጠን ገንዘብ ብልቃሕ ዝረከብ ምካኑ ካብቲ ዝልቀሖ ባንኪ ዝተዉሃቦ መረጋገፂ አተሓሒዙ ከቅርብ ዝክልእ

5 ተወዳደርቲ ነቶም ሲዒቦም ዝተዘርዘሩ ሓይሊ ሰብ ከማልኡ ዝክእሉ ምካኖም ብናይ ሕጋዉነት ዘለዎ ዉዕሊ ቁፃር ካብ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ከምፅኡ ዝክእሉን ብተወሳኪ እዉን ሞያ ብቅዓትን ማለት እወን ፕሮፊሽናል ላይሰንስ ከቅርቡ ዝክእሉ

6 አብዚ ፕሮፎርማ ዝወረዳደሩ ኮንትራክተራት ከመላእዎ ዝግባእ በዓል ሞያ ማለት እዉን ቀዳማይ ፎርማን በዝሒ ሐደ ደረጃ ትምህርቲ ብስቪል ምህንድስና ወይድማ ብኮንስትራክሽን ማናጅመትን ብኮንስትርክሽን ቴክኖሎጂ ብኮንስትርክሽን ኢንጂነሪ ብተመሳሳሊን ስራሕ ልምዲ ንዲፕሎማ ክልተ ዓመት ወይድማ ንዲግሪ ዜሮ ዓመት ዝቁፀር በዓል ሞያ ኣብ ሕጋዊ ትካል ፍትሒ ተቀባለልነት ዘለዎ ዉዕሊ ስምምዕነት ከቅርብ ዝክእል

7ተወዳዳራይ ሲዒቦም ዝተዘርዘሩ ማሽነሪታት ናይ ባዕሉ እንተኮይነን መረጋገፂ ዝዓደግሉ ረስፒት ናይ ዋንነት ዝገልፅ መረዳእታ ዘቅርቡ እንድሕር ናይ ባዕሎም ዘይኮነ ማለት እዉን ዝተካረይዎ እንተኮይኑ ሕጋዊ ዉዕሊ ካብ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ከቅርብ ዝክእል ክከዉን አለዎ ዓይነታት ማሽነሪታት ቀዳማይ ሚክሰር በዝሒ ሐደ ካልኣይ ቫይቭሬተር በዝሒ ሐደ

8 ሰዓራይ ዝከዉን ተወዳዳራይ ንኩሎም ዝተሐተቱ ረቆሒታት ዝተሐተተ መዓቀኒ ኣማሊኡ ዝተሐተ ዋጋ ዝመለአ ሰዓራይ ይከዉን
9 ሰዓራይ ተኮናተራይ ምስዓሩ ምስተረጋገፀ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 7 መዓልቲ ዉዕል ብምእሳር ብዝተዉሃቦ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ዲዛይንን ስፐስፊኬሽንን ነቲ ዝተዉሃበ ስራሕ ኣብ ዉሽጢ 60 ተከታተልቲ መዓልቲታት ሰሪሑ ከረክብ አለዎ

10 ሰዓራይ ተወዳደሪ መከበሪ ዉዕሊ ካብ ዘሸነፎ ጠቅላላ ዋጋ 10 ሚእታዊ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ስፒኦ ወይድማ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ዉሕስና ባንኪ ዘትሕዝ ምካኑ ከፍልጥ አለዎ

11 ተወዳደርቲ ናይ ዝወዳደርሉ ምሉእ ሰነድ ዋጋ ዝሐዘ ደኩምንትን ቅድም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱን ኩሎም ዝተሐተቱ መለክዒ ዝሐዙ መረደእታት ዋናን ክልተ ቅዳሕን ኣብ ዝተፈላለየ ፖስታት ምስዓሸጉ ዋና ቅዳሕን ተባሂሉ ኣብ ናእሽተይ ነብስወከፍ ፖስታት በማርክር ብዝረአ ቀለም ብምፅሓፍ ማህተም ኣብ ልዕል እቲ ፖስታ ክዓርፎ ብምግባር ዳግም ኮሎም አናእሽተይ ፖስታት ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ኣእትዩም ብምዕሻግ እቲ ዕሻግ ማህተም ክዓርፎ ብምግባር ናይቲ ዝወዳደርሉ ፕሮጀክት ሽም ናይ ኮንትራክተር ሽምን ኣድራሻን ኣብ ልዕሊ እቲ ፖስታ ብዝር ማረከር ብምፅሓፍን ነቲ ዉድድር ተባሂሉ ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ቁፅሪ 32 ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክኣትዉ አለዎ

12 ኣብ ነብሰወከፍ ሰነድ ጨረታ ፈሪሞምን ሓቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ ደኩመንት እንተይኣዛብዕ ክምቲ ክሽየጥ ዘሎ ከየኣጎደሉ ከቅርቡ አለዎም

13 እዚ ዋጋ ፕሮፎርማ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ንተከታታሊ 30 መዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ

13 ሰነድ ፕሮፎርማ ጨረታ 10/4/2018 ዓም ጀሚሩ ክሳብ 16/4/2018 ዓም ልክዕ ሰዓት 11:30 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትክእሉ ምካንኩም ንሕብር

14 ሰነድ ፕሮፎርማ ዕለት 17/4/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክበሉ ይክፈት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ብዘይምርካም ከይዲ ጨረታ ኣይተኣጎጎልን

15 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ፕሮፎርማ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 0914375211

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle